# *“ኣብ ኣሉታዊ ዕሩቕ ናይ ታሪኽ ሰረት ክትምስርቶ ዝሕለን ናይ ቃልሲ መኸተ ወደባ፡ ዓቕምኻ ዘራቕቕ ናይ ዕብራንካ ሕዱር ሕማም ከም ዘይ-ምፍዋስ ባህጊ ዘረጋግጽ እዩ” ! ! !*

ነጸረ ተ/መድህን - ለንደን - 17-01-2008

እዚ ከም ንኡስ ኣርእስቲ ዘልዕሎ ዘሎኹ፡ ክፉል ናይ’ቲ ዝሓለፈ ማለት ኣብ ዕለት 03/12/2007 ዝወጸ ጽሑፈይ (ህዝብን መንግስትን ኣብ ክልተ ጫፉት - ክተፋነኑ) ዝተለቃሕኩዎ መበገሲ ክተዔይ እዩ። ነዘን ዝስዕባ ሰለስተ ክፉላት እዉን ንመራጎዲ ምኽንያታተይ፡ ንመዘኻኸሪ ኣምባባይን ንዝቐረቡለይ ነቐፌታታትን መልሲ ክኾና ምእንታን፡ ኣመንጉዉ ኣቢለ ይልጥፈን ኣለኹ፡-

- “ብንጹርን ዉሕሉልን ዝግምገም ሕሉፍ ተግባራት፣ መንነትካን ሃለዋትካን ብዘይ ምግናን ተለሊ’ሞ ናይ ንቕድሚት ምግስጋስ ዓቕምኻ ጥዕናዉን ሓላፍነታዉን ይኸዉን”።

- “ዝሰፍሐ መሰረትን ኩሉ ሸነኻዊ ብቕዓት ዘለዎ ዉድባዊ ቅርጺ ዘረጋገጸ፡ መራሒ ተራ ኣብ ምጽዋት - መድሕን ሃገር ክትከዉን’ዉን ትበቕዕ። ሃብታም ተመክሮታት እዉን ህያዉ ኮይኑ ክቕጽልን ናብቲ ዝምልከቶ ወለዶ ብጽፉፍ ትካላዊ ሓለዋ ክሰጋገር ናይ ምስርዑ ዓቕምታት ተጥሪ”።

- “ብዘይካ’ዚ ኣገባብ’ዚ ተሰጊሩ ክግበር ዝሕለን ዉደባን ስረሐትን፡ ካብ ናይ ባህግን ድልየትን ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረ ምቑር ቃላት ካብ ምኻን ሓሊፉ ግዜ ዘባኽን፡ ተግባር ዘይተሓወሶ ዘገምታዊ ቅህመት እዩ”።

ልክዕ’ዩ፡ ዝተዋሳእካሎም ተመክሮታት እንተስ ይጥዓዩ እንተስ’ዉን ይሕመቑ ብብቕዓት ተመዚኖም ምስ ዘይግምገሙ፡ ዘዝሓለፉ ዓባቢጥካ ኣብ ጋህሲ ምድርባይ ልምዲ እንተ ተወሲዱ፡ ሀ, ሁ… ናይ ነፍሰ ቅንጸላ መርዚ ኣብ ኣካላትካ ከም ምዝራእ እዩ። ከምዚ ዝዓይነቱ ናይ ኣሰራርሓ ልምዲ ዘተኣታተወ ዉድብ ወይ ፖርቲ፡ ናይ ተሓታትነት ኮነ ግሉጽነት ባህርያት ፈጺሙ የባድም። እቶም ኣብ ዉሽጡ ዝዋስኡ መሰረታት፣ ካድራት ኮኑ መሪሕነት ናይ ምትእምማንን ምክብባርን መንፈስ ማሕሚሑ፣ ሓደ ነቲ ሓደ ክዉንጅሎን ክነኣእሶን ይጅምር’ሞ፡ ናይ ጉዕዞኦም ንጹር ራእይ ደብዚዙ፣ በብዝመስለካን ከከም ዝተረደኣካን ተበግሶታት ናይ ስራሕ ትወስድ። መሓዉር ናይ’ቲ ዉድብ ይምሽምሽ ብዕልግና ኸኣ ይስዕርር። ክሳብ ክንዲ ኣየናይ ተባዓት መሰረታትን ፈላጣት ገለ ኣባላት መሪሕነትን ዘማእከለ ዉደባ እዉን እንተ ኾነ፡ ተራኦምን ግዴኦምን ኣብቲ መጥመሪ ዘይብሉ ጋሕማጥ ዉድብ ተበሊሉ’ዩ ዝሃስስ።

ጥዕና ዘሎዎ ኣወዳድባ ወይ ዉድብ፡ ኣብ ደየብትን ማዕበልትን መድረኻት ዝተዓጻጸፍ፡ ዘይዛባዕ ወትሩ ከተትብዮ ዝሓትት ተነቃፊ መሳርሒ’ዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ዉድብ ወይ

ፖርቲ ናይ ሓጺርን ነዊሕን መደባቱ ብብቕዓት ዘሰላስል፣ ነጸብራቕ ብሓባራዊ መንፈስ ዘትከለ መሪሕነትን ብዘየወላዉል መትከላዊ ጽንዓት ዝተማእከለን እዩ። ተሓለቕትን ምስጢር ዓቕርትን ናይቲ ዉድብ ወይ ፖርቲ፡ ዉሱናትን ምሩጻትን እንተ ኾይኖም፡ ናይ ሓባር መሪሕነት የልቦን፡ ናይ ግዜ ጉዳይ ደኣሉ'ምበር ዝሓየለ ንዝደኸመ ወይ ዝሐየለ ንይዕንቅፉት'ዩ ዝበሎ ይዉሕጦን ይቕንጽሎን። ብሃገር ደረጃ ክምዘን እንከሎ ኸኣ መሰረታዊ መሰላትን ክብርታትን ዜጋታት ይጠሓሱ፡ ሃገር ብፍርሀን መግናሕትን ትሽቍረር፣ ዜጋታት ናይ ሕልና እሱራት ኮይኖም ዒሕ እናሉ ኣብ ትሕቲ ምሕረት ዘይብሉ ፈላጽ-ቆራጽ ስርዓት ይደሃኹ።

ህዝባዊ ግንባር ነተን ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝነበራ ዉድባት ጸራሪጋ፡ ንበይና ሽግ ወሊዓ ናይ ነጻነት ብስራት ድሕሪ ምብሳራ፣ ብኡ-ንብኡ ሃገራዊ ተንከፍ ዉሳኔታት ኣብ ንኡስ ዕድሚኣን ስንኩፍ ሃገራዊ ዓቕምናን፣ በዞም ዝስዕቡ ጀመረት፡- ኣቐዲማ ናይ ህዝባዊ ግንባር ሰራዊት ኣርማ ዝነበረት ናይ መላእ ሃገር ባንዴራ ኮነት፣ ቀጺላ ሃገራዊ ተንከፍ ዝኾነ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብዝብል ስያሜ ሓይላ ብምድላብ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ምርጻም ኮነ ምስ ቂምታ ዝሓዘትሎም ዜጋታት ኣብ ምቕንጻል ጸመደት። ኣብዚ ኣይተሓጽረትን ገንዘብ (ባጤራ) ብናቕፋ ዝብል ስያሜ ተሓትመ። ንጸቢብ ዉድባዊ ልዕልና ዘማዕርግ፡ ኩሉ ምስ ህዝባዊ ግንባር ዝተኣሳሰር ታሪኻት ብደረጃ ሃገር ክትጥቀመሉ ተበገሰት። መንግስታዉን ምምሕዳራዉን ቅርጻታታ ብኣባላት ህግደፍ ዝተዓብለለን ዝተመርሔን ኮነ።

ኣብ ነኣሽቱ ዒላታት ምንባርን ምሕንባስን ዝለመደ ዓሳ፡ ዉቅያኖስ ነይፈልጥ ከም ዝብሉዎ፣ "መንግስቲ ኤርትራ" ካብ ብደረጃ ጸቢብ ዉድባዊ ኣመለኻኸታ ንላዕሊ ሓሊፉ ብደረጃ ሃገር ክትሓስብን ከተመሓድርን ኣይከኣለትን። ኣብ ዓቢ ፖሊቲካዊ ዉቅያኖስ ምስ ጸቢብ ዉድባዊ ኣተሓሳስባኣን ድርቅናኣን ክትሕምብስ ከኣ ፈተነት። ኣብ ገራሒ ዘይብሉ ፍኑዉ ሜዳ ክትዕንድር፡ ዝነበረቶን ዘላቶን መድረኻት ኣማዕርያ ከይመዘነት ንረኣዩለይ ስምዑለይ ናይ ቁንጅናኣ መለለዩ፡ "ህግደፍ" ብዝብል ናይ "ፓርቲ" ስም ተጠሚቓ ወጸት። ታሪኽ ህዝባዊ ግንባር ገምጊማ ኣድላዪ ነቐፌታን መኣረምታን፡ መዓርፎ ክልል፡ ምግባር ከም ነብሰ-ዉንጀላ ኮይኑ ተራእዩዋ፣ ናይ ዓመታት ተመክሮኣ ብጠጥዑሙ መዛሙር ኣቃሚማ ከተቆናጁ፡ ብመስዋእቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝመጸ ዓወት ናይ ዉልቀ ጅግንነታ ፍረ ገይራ ብምርኣይ ኣይትተንከፉኒ እናለት ኣብ ሙግብዕባዕ ኣድሃበት። ብዝገበረቶ ናይ ነጻነት ብስራት ከምኡ'ዉን ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ዝጸንሓ ምትእስሳራት መሰረት፡ ኣብ ማህደር ልቢ ህዝቢ ኤርትራ ሰሊኾ ንነዊሕ እዋናት ኣሸካዕለለት። ንዘዕቆባ ማህደር ልቢ ህዝብና ወግሔ ጸብሔ ብዘይ ንሕስያ ከተቛስል፡ መጽለሊኣ ዕርዲ ኣፍረሰቶ። ኩሎም'ቶም ሃገራዊ ሃብትና - ናይ ቃልሲ ዝና ኮኑ ሃገራዊ ወነ - ጨፉሊቓ እነሆ ሃገርና ኣብ ሓደጋ ከም እትጻጣሕ ገበረት።

መንግስቲ ኤርትራ ደጊም ብዘገምታዊ ቅህመት ኣብ ከደት ከደት ኣፈ-ኣርክቡ ሃለዋት እያ ዘላ። ክሳብ ኣብ ስልጣን ዘላ ደኣ'ምበር ታሪኻ ናብ መጻኢ ወሎዶታት ብጽፈት ከተመሓላልፍ ዓቕሚ የብላን። ለንቀነ፡ ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ንዝቐረበሉ ናይ ኤርትራ ዜና ቃለ-ምሕታት - ኣብ ሃገርና ብልሽዉና ከም ዘሎ ድሕሪ ምእማኑ፡ ብዉልቀ ስስዔ ዝፍጠር ናይ ዉልቀ-ዜጋታት ጥፍኣት ደኣ'ምበር ናይ'ቲ ስርዓት በደል ከም ዘይኮነ ገይሩ ኣቕሪቡዎ"። ንብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ብብልሽዉና ክኸሰን እንከሎ ኸኣ፡ ክዕረያ ኣይክእላን እየን ይብል። ሓንትን ናይ መወዳእታን ናይ ቅንጸላ ወፈራ ግዲ ኣልያቶ ኮይና'ዉን፡ ብልሽዉና ከይስስን ኣድላዩ ስጉምትታት ከም ዘድሊ ኣሚቱ'ሎ።

. . . "ንብረታዊ ቃልሲ ብዓወት ዝደምደመ ክውንነታዊ ታሪኻዊ ሃገራዊ ፍናን፡ ናብ ምህናጽ ሃገር ከምኡ ኢሉ ከይቅጽል ኣመራርሓ ህግደፍ ዓንቂጽዎ". . . ጸጋይ፡ ነጋሽ

= ሓጺር መልሲ ንኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2007፡ ብኣቶ ጸሃየ ቀለታን ኣቶ ንጉሰ ኣብራሃን ዚቐረቡለይ ናይ ሓዉሲ ነቐፌታን ወቐሳን =

ጸሃየ ቀለታ ኣብ ናይ ነቐፌታ ጽሑፉ ገለ ገለ ዳርባታት እኳ እንተገበረ፡ ዝጽበዮን ካብ ግምተይ ዘይወጽኤን ኣጸሓሕፋኡ እዩ።

እንተ ንጉሰ ኣብረሃ ግን፡ ዉሽጣዊ ነድሪኻ በጨቕ ይብሉኻ ስለ ዝነበሩ ንሚዛን ነቐፌታኻን ቀንዲ ናይ መጽሓፈኻ ምኽንያታትን ላዛ ኣስኢኑዎም። እጅጌኻ ሰብሲብካ ትጽሕፎ ዝነበርካ ኢኻ ትመስል። ጽሑፍካ ህዱእን ርትዓዉን ዘይኮነ ወስታታት ኣንጸብሪቑ። እዚ ኸኣ ኩነተ-ኣእምሮኻ ኣብ ዉሱን ተሓላቒ መንፈስ ዘድሃበ ከም ዝነበረ ርዱእ'ዩ። ናይ ሓደ ዉሱን ደቓይቕ ዕብዳን ከኣ ናይ ንሓዋሩ ዕዳ ምኻኖም ኣይትዘንግዕ። ኣብ መእተዊ ጽሑፈይ ኣስፈረዮ ዘለኹ ስነ-ሓሳባት ኣቕሊብካሉ እንተ ኾንካ እምንቶይ ንሱ'ዩ። እናስተንተንካ ዘልዓልካዮም ናይ ታሪኽ ጎድለታት ምእንታን ከይድገሙ፡ ንኣሰራርሓና ኸኣ ዳግማይ ዕንቅፋት ንኸይኮኑ፡ ናይ መፍትሒ ሓሳባት እዩ። ንትሕዝቶ ጽሑፍካ ካብ ኩሉ ክትሸማጥጥ ተመጣጥሮ ስለ ዝነበርካ፣ እርይ ቁጽር ኣቢልካ ንምልጋቡን ምርድኡን፡ ኣሸጋሪ ነይሩ። መልክዕን ትሕዝቶን ናይ "ተቓዉሞ ዉድባት" ምስ'ዚ ሓድሽ ዘመን ፈጺመን ክሰርሓ፡ ክወሃሃዳን ከስርሓን ኣይክእላን እየን ምስ ዝብል ርእይቶ ኢኻ ትራጸም ዝነበርካ።

ኣብ ባርካ (ዓሌት) ይኹን ኣብ ከበሳ (መለዛናይ) ንበይነይ ፖሊቲካዊ ትምህርቲ ዝመሃርኩዎ ሰራዊት፣ ሚሊሻ ወይ ከኣ ገባሮ ኣይነበሩን። መሳርሕቲ ነይሮሙኒ፡ ብዉድባዊ መምርሒ ዝተሰነየ ከኣ'ዩ ነይሩ። ብርግጽ ግን ተ.ሓ.ኤ. ሓባራዊ መሪሕነት ነይሩዋ ኢለ

ኣይመሃርኩን፤ ኣይነበራን ከኣ። ምስቲ ሽዑ ዘዋህለልኩዎ ትዕዝብቲ ግን፡ ንሃገራዊ ነጻነት ምቕላስ ጽኑዕ እምነት ነይሩኒ። ሰራዊት ሓርነት ከኣ ንዘንቀሎ ዕማም ከየሰላሰለ ይቖጸ ደኣ 'ምበር፡ ዓቢ እጃም ኣበርኪቱ'ዩ ዝብል ዕግበት ኣሎኒ። እንተ'ቲ ኣበይ ኔርካ ሽዑ ዘይሓበርካ ዘልካዮ፣ ሎሚ ድሕሪ 27 ዓመታት ሓቢረካ'ኻ ክንድዚ ቆይቑን መግናሕትን ዝገበርካስ፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ እንተ ትሕበርስ እንታይ ኮን ምገበርካ? ዝሓበሩ ኣይነበሩን ማለት እዉን ኣይኮነን። ኪድ ንድሕሪት፡ ታሪኽካ ተወከስ፤ ጋህሲ'ዩ ኢልካ ኣይትሕለፎ።

እንተ'ቲ ሕቡእ ኣጀንዳታት ዝበልኩዎ እዉን ኣብ ኤእዋኑ ኣመታት ይወሃበካ ነይሩ'ዩ፣ ኣየስተብሃልካን ከኣ ትኸዉን። ካብቲ ብዙሕ ገለ ኣብነታት ንምጥዋስ - (1) ኣብ ራሳይ ታሪኽ ጀብሃ ንምቕባር ዝተገብረ ዕልዋ (2) ኣብ ሰማንያታት ንሰራዊት ጠንጢኑ ዝሃደመ መሪሕነት (3) ምስ መንግስቲ ሱዳን ተሻሪኹ፡ ንጹሃት ካድራት ኣብ ሱዳን ዘእሰረ መሪሕነት - ነዚኦምሲ ሕቡኣት ኣጀንዳታት ኣይኮኑን ዶ ኢልካዮም?

ዝነበረ ዘጣይቕ ናይ ኣሰራርሓ ሜላን ስልትን እዉን እንተ ኣብራህኩዎ ዝሓስም ኣይኮነን። ዉድባዊ ቅርጻን ተግባራዊ ዝምድናዊ ኣሰራርሓን፤ ወተሃደራዊ ክሳድን ወተሃደራዊ ድሕረ-ግንባርን ዕዮታቱን፡ ዕጥቁን፤ ተራን ግደን ካድራት፤ ዝምድና መሰረትን መሪሕነትን፤ ዉሽጣዉን ግዳማዉን ሜላዊ ዝምድናታትን ጽበቱን፤ ንኣካዳሚካዊ ትምህርቲ ንወጻኢ ዝለኣኹ ዝነበሩ መንእሰያት፣ ኣተሃላልዋ ናይ "ዕዮ ፖርቲ"፣ ተሓታትነትን ግሉጽነትን . . . ወዘተ - ዘመልክቱ እዮም ነይሮም።

ትማል ምስ ሎሚ፣ ሎሚ ኸኣ ምስ ጽባሕ ባህርያዊ ተተኻኻእቲ ስለ ዝኾና ናይ ትማሊ ታሪኽ ኩሉ ግዜ ኣገዳስነት ኣለዎ። ታሪኽ ክጽላእ የብሉን ንምንታይሲ - ትማሊ ኣፍደገ ናይ ሎሚ - ናይ ጽባሕ ከኣ መንጸፍ ንቕሎኻ እያ። ሎሚ ኣብ ናይ ትማሊ ጽቡቕን ሕማቕን ተጸፍያ እያ ትብገስ። በዚ መሰረት ነቲ ዝሓለፈ ክዉንነት ብብቕዓት እንተ ዘይ መሚናዮ፡ ኣብ መነባብሮናን መዓልታዊ ኣሰራርሓናን ክሃድኑና ክነብሩ እዮም። ኣብ ናይ ለዉጢ ተበግሶና ኮነ ንዝማዕበሉ መድረኻት ኣብ ምግጣም፡ ኣጸገምቲ ማሕለኻታት ከም ዝኾኑ'ዉን ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ብዛዕባ ናይ ተቓዉሞ ተቓዉሞ (OTO) ዝብል ዝተለቃሕካዮ ዓምባኹ ናይ ቅንጸላ ፈጠራ ሓረግ፡ ስነ-ሓሳባዊ መርትዖ ዘይብሉ ንምድንጋር ዝተሃንደሰ ደርገፍገፍ እዩ ነይሩ። ጽሑፈይ ከኣ ብምልኣት ዝተረዳእካዮ ኣይመስለንን። ኣብ መቓቕሮ ጽበት ዝተደብየ መዓቅኖ ሚዛናት፡ ገፊሕ ጠመተ ክገብር ዘሎዎ ኣኻእሎ፡ ትሑት'ዩ። ከም ኣብ ሓደ ዕጹዉ ሳንዱቕ ዝተዓቐረ ባጤራ፡ ብርሃን'ዉን ዘይረኣየ ተኽሊ፡ ኣብ ክንዲ ፍርያት፡ ናይ ግርጭት ፈልፋሊ ሰበብ ክኸዉን ናይ ግድን እዩ። ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ፖሊቲካዊ ዓፈና ንምድሓን

ከኣ፡ ተመክሮኻ ምንቃፍን ታሪኽካ ዝሕዞ ኣቕጣጫ ወናኒ ካብ ምዃንን ሓሊፉ፡ ካልእ መተካእታ የልቦን።

ንእትገብሮም ነገራት ምልኣተ-ተኣማንነትን ዕግበትን እንተ ዘይሃልዩ፡ ዘይምጅማሩ ወይ ዘይምቕጻሉ ይሓይሽ። ተረርትን በዳህትን መድረኻት ከኣ ናይ መዘናግዒ መናፈሻ ቅሱናት መዓስ ኮይኑ። ንስለ ከይንጸል ወይ'ዉን እንታይ ክብሉኒ ብማለት ኣብ ዘይንጹርን ደብዛዝን ጉዕዞ፡ ተማላእተኛ ኬንካ ምቕጻል፡ ኣብ እንታይ ኮን ይወርደና፡ መዓልቦኻ ዘይፍሉጥ ብናይ ፍርሒ ሃለዋት ትቓዝን። ኣቶ ንጉሰ፡ እቶም ዘቓይቑኻ ዘሎዉ ታሪኻት፡ እኩብ ድምር ናይ ብዙሓት ታሪኻት እዮም። ስለዚ እቲ ክዉገን ዝነበሮ ገልጠምጠማት ናይ ታሪኽና፣ ምንባሩ'ኳ ዘይኮነስ እቲ ምቕጻሉ'ዩ ዝጽላእ ዘሎ። ንስኻን ከማኻን እና'ጉባዕባዕኩምን እናጸረፍኩምን ብፍጹም ብርዔይ ክትምንዝዑኒ ኢልኩም ኣይትሓልኑ። ጽሑፈይ ካብቶም ዝሓለፉ (since 1989) ጽሑፋተይ ዝተዋህለለ፡ ዝዓኾኸን ዝተቐርጸን እዩ።

መሰልካን ናይ ሓባር ኣነባባርካን ምስቶም ኩሎም ደለይቲ ሰላም ሓይልታት ናይ'ታ ሃገር ተማኺርካን ድምጽኻ ኣዋህሊልካን ጥራሕ እዩ ዝረጋገጽ። ብኣስገዳድ ዝተዓስከሩን ብጉድለተ-ተረዶ ነዚ ስልጣን ዝድግፉ ክፋላት (segments) ሕብረተ-ሰብና ከም ቀዳማይ ዕማም ተወሲዱ፡ ምሉእ ግዜኻ ሂብካ ንምስረዮምን ምዉጋኖምን ጥራሕ እዩ ተሪፉ ዘሎ። ምስቲ ዋና ዉራይ ዘየሎኻ ብዛዕባ'ቲ ዉራይ ክትዛረብ ግን ምስ ምንታይ ክቑጸር'ዩ። በብጋንታኡ ብረት ኣልዒሉ "መሰሉ" ከረጋግጽ ዝፍትን ምስ መድረኽ ኤርትራዊ ዉራይ ዘይጋጠም ኣገባብ ስለ ዝኾነ፡ ንምትኽኻእ መለኽቲ ስርዓታት ዘተባብዕ ጥራሕ እዩ ክኸዉን ዝኽእል። ህዝቢ ኤርትራ ንምልኪ ፈንፊኑ ብምሉእ ድምጹ ኣብ ዝኹንነሉ ዘሎ እዋን፡ ምስኡ ተመሓዚኻን ተኣሳሲርካን መቓልሕ ድምጹ ምዃን ደኣ'ምበር፡ ጠለባቱ ዘይኮኑ ጉዳያት እናጨራሕካ፡ ንጹር ሃገራዊ ርእይቶን ፍታሕን ዘይብልካ፡ ጉራማይለ፡ ናይ ንተኣከብ ንተኣከብ ሃተሃታ፡ ሽፋን ናይ ዓመጽ ካብ ምዃን ሓሊፉ ቅዱስ ዕላማ ዘረጋግጽ ኣይኮነን ዝብል ዕግበት ኣሎኒ። እቲ ንሃገርና ኤርትራ ዘቖመ ክፍልታት ሕብረተ-ሰብና፣ ንሃገረ ኤርትራ ጥምረትን ሓደኣዊ ሕብረትን ዝደፍእ ንጹህን ጋህድን ጉዳያት ሃገር ኣልዒሉ ንኽዝቲ ክብገስ፣ ዘናብሩዎ ዕልመናዊ ቅዋም ከጽድቕ፡ ዝጥለበሉ ዘሎ እዋን ናይ ቃራና መንገዲ ኢና ዘሎና።

ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትና ! ! !